homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
Telephone: 1300 650 172
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

Tigrinya | ትግርኛ

ሰሉስ 11 መጋቢት 2025

**ኣገደስቲ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እቶም ዝቕጽሉ ስጉምትታት ናይ 12 Holland Courtን 120 Racecourse Road ዝግበሩ**

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ዳግመ ምምዕባል እዋናዊ ሓበሬታ ክንገብረልኩም ንደሊ። እዚ ደብዳቤ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት የጠቓልል፦

- ኣብ Flemington ተወሳኽን ዝሓሸን ገዛውቲ ንምህናጽ ዘለና መደብ
- ሰራሕተኛታትና ኣበይ ክትረኽብዎም ትክእሉ
- ብዛዕባ እቲ ዳግመ ምምዕባል ተወሳኺ ኣበይ ክትፈልጡ ትኽእሉ

**ሮሞዳን ምኽባር**

- ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ኣብ ሕብረተሰብና ሮሞዳን የኽብሩ ከምዘለዉ ንርድኦን ነኽብሮን ኢና።
- ብዛዕባ እዞም ዝቕጽል ስጉምትታት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ (ድሕሪ ሮሞዳን) ናይ ማሕበረሰብ ሓበሬታ መድረኻት ከነካይድ ኢና።
- ኣብቲ መእተዊ ህንጻኹም ዘሎ ዕለታትን ሰዓታትን ናይዞም ክፍለ ግዜታት ዝሕብሩ ፖስተራት ክቐርቡ እዮም።
- ኣብዚ ሕጂ ሕቶ እንተሃልዩኩም ሰራሕተኛታትና ኣብ Djerring Hub ረቡዕ 12 መጋቢት ካብ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትር- 5:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዘሎ እዋን ኣለዉ እዮም።

**ብቋንቋኹም ዝተተርጎመ ሓበሬታ ንምርካብ ስካን ግበርዎ**

**ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ሓሳባቶም ንዘካፈሉና ኩሎም ነመስግን**

ንኹሎም ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ዝነበረ ከም ክፋል ናይ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ብዛዕባ መጻኢ Flemington ርእይቶኦምን ሓሳባቶምን ንዝሃቡና ነመስግን።

ርእይቶኹም ንዲዛይናት ናይቶም ሓደስቲ ህንጻታትን ማሕበረሰባዊ ቦታታትን ሓበሬታ ክህበና እዩ።

- ካብ 290 ተኻረይቲ ብዛዕባ መጻኢ ኣባይቲ፣ ማሕበረሰባዊ ከባቢታትን ጎረባብትን እንታይ ከም ዘገድሶም ሰሚዕና።

- ውሑስ፣ ጽቡቕ ዲዛይን ዘለዎን ማሕበረሰብ ዘተኮረን ሓደስቲ ህንጻታትን ናይ ደገ ቦታታትን ምምዕባል ከምዘድሊ ርእይቶኹም ሰሚዕና ኣለና።
- ብዛዕባ ዓቕን ስድራቤታት ገዛውቲ ምቕራብ ከምዘድሊ እውን ሰሚዕና ኣለና።

### ነዚ ዳግመ ህንጻ ትልሚ ከቕርቡ ንማሕበረሰባት ህንጸት ዓዲምናዮም ኣለና

ህንጸት ማሕበረሰባት ኣብ ምህናጽን ምምሕዳርን ማሕበራዊ፣ ብተመጣጣኒ ዋጋን ዕዳጋን ኣብ ምክራይ መንበሪ ኣባይቲ ተመኩሮ ዘለዎ ንመኽሰብ ዘይሰርሕ ጉጅለ ፕሮጀክት እዩ።



*ኣብ Victoria Street, Flemington ዝተሃንጸ ሓይሊ ዝቑጥቡ ገዛውቲ ኣብ 2024 ተኸፊቶም እዮም።*

ህንጸ ማሕበረሰባት ኣብ Victoria Street ሓደስቲ ገዛውቲ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ኣብ Holland Court, Flemington ሓደስቲ ገዛውቲ ይሃንጽ ኣሎ።

ንማሕበረሰባት ህንጸ ኣብ 12 Holland Court ከምኡ እውን ኣብ 120 Racecourse Road 400 ማሕበራዊ ኣባይቲ ሓዊሱ ብድምር 700 ሓደስቲ ኣባይቲ ንምህናጽን ንምምሕዳርን ፕሮፖዛል (ብጹሑፍ ዝተደገፈ ሓሳብ) ከቕርቡ ሓቲትናዮም ኣለና። እቲ ዘሎ ኩሉ መሬት ኣብ ዋንነት ህዝቢ ኮይኑ ክቕጽል እዩ።

ምስ ናይ ፕሮጀክት መሻርኽቲ ብምስራሕ፣ ንዝያዳ Victorians ዝያዳ ዘመናዊ፣ ጽቡቕ ዲዛይን ዘለዎምን ሓይሊ ዝቑጥቡ ገዛውቲ፣ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣገልግሎታትን መጓዓዝያን ዝቐረቡ መንበሪ ገዛውቲ ብምስራሕ ክነቕርብ ንኽእል ኢና።

### ርእይቶኹም ንምሃብ ዝያዳ ዕድላት

ዲዛይናት ሓደስቲ ህንጻታትን ማሕበረሰባዊ ቦታታትን እናማዕበለ ኣብ ዝከደኩ እዋን፣ ዲዛይናት ንምርኣይን ግብረ መልሲ ንምሃብን ዕድላት ክቕጽል እዩ።

### ጋንታና ኣበይ ክትረኽብዎም ትኽእሉ

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ወይ ምስ ጋንታና ክትዛረቡ ምስ እትደልዩ ረቡዕ 12 መጋቢት ካብ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ- 5:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ Djerring Hub ክንህሉ ኢና

### ዝያዳ ክፈልጡ ይደሊ እየ

ናብዚ ብጻሕ:- https://bighousingbuild.homes.vic.gov.au/precincts/flemington-precinct
ንሓበሬታን እዋናዊ ንዝኮኑ ሓበሬታን ብቋንቋኹም ዘጠቓለለ ንምርካብ።